መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ሩት፡- ታሪኽ ፍቕሪ

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Janie Forest, Alastair Paterson


ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ምስ ኣቦሓጎታትካን ምስ ወለዶምን ምስ ኵሎም እቶም ኣባላት ስድራካ እንተ ትራኸብ እንታይ ዓይነት ሰባት ምዃኖም ክትግረም ትኽእል ኢኻ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓንቲ ኻብቶም ወለዶ ኢየሱስ ሩት እትበሃል ጣኦታት እተምልኽ ዝነበረት ሞኣባዊት ሰበይቲ እያ ነይራ።




ታሪኽ ሩት ኣብ እስራኤል ድሕሪ እቲ ሳምሶም ዝነበረሉ እዋን እዩ ዚጅምር፣
እቲ ህዝቢ ኣብ ኣምላኽ ምእማን ዘቋረጸሉ፡ ን ኣምላኽ ምእዛዝ ውን ኣብ
ዘይነበረሉ ግዜ ኢዩ፡ ጥሜት ድማ ነታ ምድሪ ብብርቱዕ ውዒቅዋ ዝነበረሉ፡
ጥሜት እንታይ ምኳኑ ትፈልጥዶ፥ እወ ጥሜት ማለት ፍረ ወይ እኽሊ
ዘይበቍለሉ እዋን ኢዩ እንስሳታት ወይ ውን ሓደሓደ
ግዜ ሰባት ከይተረፉ ዝብላዕ ስኢኖም ዝሞትሉ ግዜ ኢዩ።



ኤሊሜሌክ ዝስሙ ሓደ ሰብኣይ ምግቢ ደልዩ ምስ ሰበይቱን ክልተ ደቁን ካብ ቤት-ልሄም ናብታ ጣኦታት ዝምለኾላ ምድሪ ሞኣብ ተሰደደ ።



ንኤሊሜሌክን
ንስድራ ቤቱን ኣብ
ሞኣብ ጽቡቕ ኣየጋጠሞምን። ኣብታ ምድሪ
ድማ ሞተ ደድሕሪኡ ኸኣ ክልተ ደቁ ሞቱ ።




ናእሚ ሰበይቱን ሩትን ዖርጳን ዝበሃላ ኽልተ ኣንስቲ ደቃን
ተረፈት። ክልቲአን ኣዋልድ ድማ ሞኣባዊያን እየን ነይረን ።

እታ መበለት ዝኾነት ናእሚ እግዚኣብሔር ንህዝቡ ከምዝበጽሖም፡ እንጌራ ውን ከምዝሃቦም ሰምዐት፡ ናብ ምድራ ውን ኽትምለስ ወሰነት ። እተን ክልተ ኣዋልዳ ግን እንታይ ይግበራ፡ ናእሚ ኸኣ ኣብ ሞኣብ ክጸንሓን እንደገና ክምርዓዋን መኸረተን፡




ዖርጳ ናብ ስድርኣ ተመልሰት። ሩት ግን ኣበየት፡ ግዳስ ንሓማታ ፈጺማ ኸም ዘይትገድፋ ብግጥሚ ገይራ ተመባጽዓትላ።







ናእሚ ናብ ቤት-ልሄም ብምምላሳ እተን ናይ ቀደም ፈተውታ ተሓጒሳ፡ እቲ ኹሉ ዚኸእልሲ ኣምላኽ ኣምሪሩለይ ኢዩ እሞ፡ ኣብ ክንዲ ናእሚ [ጥዕምቲ] "ማራ"[መሪር] ኢልክን ጸውዓኒ ኢላ ነገረተን፡ ናእሚ ብዘይካ ሩት ዋላ ሓንቲ ሒዛ ኣይተመልሰትን።



ሩት ከምቶም ኣብ ሞኣብ ዝነበሩ መብዛሕትኦም ሰባት ጣኦታት እተምልኽ እኳ እንተ ነበረት ነቲ ህያው ኣምላኽ እስራኤል ንምምላኽ ካብቲ ኣምልኾ ዝተመልሰት ነበረት። ሩት ንናእሚ እትበልዖ እኹል ምግቢ ንክህልዋ ኣበርቲዓ ትሰርሕ ነበረት። መዓልቲ መዓልቲ ነቶም ኣብ መሮር ዝዓጽዱ ሰባት ትስዕቦምን ነቲ ዝተረፈ እኽሊ ትኣርዮን ነበረት።






ቦኣዝ በዓል እቲ ግራት ሩት ንሓማታ ኽሳዕ ክንደይ ሕያወይቲ ምኳና ሰምዐ። ቦኣዝ ምስ ረኸባ ንዓጸዶኡ ዕማኾ እኽሊ ኮነ ኢሎም ኪሓድጉላ ኣዘዞም ። ቦኣዝ ንሩት ኪፈትዋ ጀመረ ።



ሩት ንናእሚ ብዛዕባ
ቦኣዝን ለውሃቱን ምስ
ነገረታ እታ ብዕድመ
ዝደፍኣት ሰበይቲ
ንኣምላኽ ኣመስገነት።
''እዚ ሰብኣይ እዚ
ዘመድና እዩ፣ ሓደ
ኻብቶም ናይ ቀረባ ቤተ
ሰብና ኢዩ ድማ በለት።



ድሕሪ ገለ ግዝኣት ድማ ቦኣዝ ን ሩት ክምርዓዋ ደለየ፡ ን ናኣሚን፡ መሬት ወላዳን ክዕዘብ ከደ፡ እንተኾነ ግን ካልእ ብቀረባ ዘመድ ዝኾነን ቀዳምነት ዝግብኦ ሰብኣይ ነበረ፡ እዚ ሰብኣይ ነታ መሬት ናኣሚ እንምበር ንሩት ሰበይቱ ክትከውን ኣይደለየን፡ እቲ ሕጊ ግን ሓደ ብዘይ እቲ ካልእ ኣይፈቅድን ነይሩ።



ኣብቲ ግዜ እቲ ውዕል ንምፍጻም ሰባት ኣእዳዎም ኣይጨባበጡን ኢዮም ግዳስ ቦኣዝ ሳእኑ ኣውጺኡ ነቲ ኻልእ ሰብኣይ ብግህዶ ሃቦ፣ በዚ ድማ እቲ ስምምዕ ተፈጺሙ፣ ሩት ድማ ሰበይቱ ኽትከውን ወሰዳ፣ ድሕርዚ ንሳን ናእሚን ኣባላት ስድራቤት ቦኣዝ ኮይነን።





ቦኣዝን ሩትን ነቲ ዝወለድዎ ቦክሪ ወዲ ኢዮቤድ ኢሎም ጸውዕዎ።
ኣቦሓጎ እቲ ዓብዪ ንጉስ እስራኤል ዝነበረ ዳዊት ድማ ነበረ።

እቲ ካብ ኹሉ ዝበለጸ ነገር ግና እቲ ሕጻን ዝነበረ ኢዮቤድ ኣቦሓጎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ነይሩ። ኢየሱስ ንጉስ ነገስታትን መድሓኒ ዓለምን ኪኸውን ብሓረግ ወለዶ ዳዊት ኣቢሉ እዩ መጺኡ ።



# ሩት፡- ታሪኽ ፍቕሪ

## ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

## ሩት

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16